# ብፍረወይኒ ባይረ ኣብ ፌስቲቫል ካስል
# ዝተገጥመ ንዝኽሪ ኢዮብ ብስራት

9.08.2010

ሓዘን መሪሩና ተፈሊኻ ካባና
ሓመድ ኣዳም ለቢስካ ተኸዊልካ ካብ ቂድመና
መንፈስካ ግን ኣሎ ኢዮባይ ኣብ ልቢ ኩላህና

ኣነስ ትዝ ኢሉኒ ቀባሕባሕ እንበር ኢለ
ደልየ ስኢነካ ኩሉ ሜሰ ሃለ
ሓለንጋይ ዶ ሪእኹም ኣበይ ከም ዘበለ

እንታይ ድኣ ኮንካ ሎሚ ዘይመጻእካ
ኣርሒቅካ ዶ ከድካ መገሻ ፈቲኻ
ብገዛእ ዉራይካ ኣበይ ድኣ አቢልካ

ኢዮበልያዊት ዕለት ነብዕል ኣሎና
ሽግ ክንዉልዕ ናይ ሓርነት ጋማ
ብዘይ ባአኻ'ምበር ኢዮባይ ጸሚዩና

ስየ ቑመቱ መዘና ዘይብሉ
ተሰዊሩ ከይዱ አበይ ኮን ኣቢሉ
ሪኢኹሞ ዶ'ታ ረኺብኩም ኣሰሩ

ብዓል ግርማ ሓለንጋይ ቑመቱ
ካብ ኩሎም ዝረኤ ካብ መሳቱ
ፍሽኽታ ኣመሉ ጽልኢ ዘይፈቱ

ኣርኪባትካዶ ዓለም ግናይ
ምሳናዶ ዘይነበርካ በቀዳማይ
ድምጽኻ ጠፊኡ ተሰቂሉ ኣብ ሰማይ

ሐመድ ኣዳም ለቢስካ ፍልሖ በሊዑካ
ተራኺብካዮምዶ ናይ መቓብር ብጸትካ
ብዓልመን ጸኒሖም ኣብ ቂድመኻ

እታ ትፈትዋ ምጭዉቲ ሃገርካ
ጠንጢንካያ ከድካ ብሐርታት ሰጊርካ
ከይተመለስካያ ሓመድ ኣዳም ለቢስካ

ግን ስጋኻ እንተተቀብረ መንፈስካ ምሳና
ኣለኻ ንዘላአለም ኣብ ዉሽጢ ኩላትና
ወደቦይ ብስራት ሰነድ ናይ ሃገርና

ክነግረካ በል ኩሉ ከዕልለካ
ጩራ ናይ ሓርነት ፍረ ናይ ቃልስኻ
መትከልካ ሲዒሩ ናብ ዋዕላ በቂዕካ

ኣንታ ሓርበኛዊ መትከልካ ሲዒሩ
ራህዋ ናይ ህዝብኻ አነሆ ደበኽ ኢሉ

ዲክታቶር ከብቕዕ ሳዕቱ ኣኺሉ

ዘላኣለም ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታት ኤርትራ
ዓወት ንህዝብና